25 ሰነ 2007

ትማሊ ዕለት 24.06.2007 ብክፍሊ ሰነጽሑፍ ኤርትራዊ ማኅበር ተጣባቒ ሰብአዊ መሰል ባደን ቩርተምበርግ ሽቱትጋርት ሀገር ጀርመን ንመበል 16 ዓመት ዝኽሪ ጀጋኑ ሰዉአትና ብኽብ ዝበለ አገባብ ተኸቢሩ ውዒሉ።

አብ ጀጋኑ ሐርበኛታትና ዓሚቕ ፍቕሪ ዘንጸባርቕ እተፈላለየ ግጥምታትን ዓሚቑ ትሕዝቶ ዘለዎ ንስዉአት ዘንጸባርቕ ስዒ ንባባትን ነቲ ዝኽሪ ሰዉአትና ዝያዳ አድሚቕዎ ካብቲ ኣብቲ በዓል ዝኽሪ ሰዉአትና ዕለት ዝተነበብ ጽሑፋት ከምዚ ቀጺሉ ዝሰዕብ ነበረ።

# <u>ናጽነት ኤርትራ ህያብ ሰዉአትና ኢያ።</u>
# <u>እጃም ናይ ህሉዋትኸ እንታይ ኢዩ?</u>




ክቡራት ዜጋታት ሀገር ኤርትራ፤ ኩላትና ከም እንፈልጦ፤ ወርሒ ሰነ ዕለት 20.06.2007 ንጀጋኑ ሓርበኛታት ንናጽነትን ንሕዝባዊ መሰልን ዝተሰውኡ እንዝኽረላ ወርሒ ኢያ። ለብዘበን ድማ ከምተን ዝሐለፉ 15 ዓመታት ንመበል 16 ዓመት ሐርበኛታት ጀጋኑና እንዝኽረሉ ዘሎና ሰሙን ዝለ ዝኾነ እንሆ በብዓቕምናን ክእለትናን ዘፍቕዶ ድሉዋት ኯይንና ጀጋኑ ንዝኽር አሎና።

እዚ ዘመልኽቶ ድማ፤ አብ ልዕሊ ሰዉአትና ዓሚቑ ፍቕሪ ከም ዘሎና ኢዩ ዝገልጽን ዘንጸባርቕን። ክሳብ ምሉእ ሕዝቢ ኤርትራ ተዛትዩ ፍትሓዊት ዕለት ሰዉአት ንምኽባር ዝውስን፤ ነዛ ናይ ሎሚ ዘላ መዓልቲ፤ እዞም ህሉዋት በብዝጥዕመና አገባብን ዕለታትን ከም እንዝኽሮም ዘየኻትዕ ሓቂ ኯይኑ፤ እጃም ጀጋኑ ሰዉአት ንናጽነት ሀገርናን ሰብአዊ መሰልናን ክብርናን ክኸውን እንከሎ፤ ናህና ናይ ህሉዋት ህያብ ንጀጋኑ ሰዉአትናከ እንታይ ኢዩ? ወይ እውን እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎን ዝግብኦን ዝስሕቶ ሰብ ዘሎ አይመስለንን።

ክቡራት ዜጋታት እቶም ብአማኢታት አሽሓአት ወገነይን ወገንኩምን ንዓለም ሕንጣብ ከየልዓሉላን ከይተማልኡላን ሓሊፎም ክብል እንከሎኹ፤ <u>እቲ ካብ ኹሉ ዝዓበን ዝኸበረን ሕይወቶም ከፊሎም ንሕዝቦም ዘለዓለማዊ ብርሃን ናጽነት ዓዲሎምዎ ኢዮም</u>። እዞም ጀጋኑ ብብዝወፈርዎ ከይተመልሱ ኣብ ኲሉ ኹርናዓት አጻምእ ሀገርና እውን ኢዮም ተሪፎም። ግቡእን ንቡርን ፍትሓት ንፍጡር ወዲ አዳምን ሄዋንን ዝግብኦ ንቡር ቀብሪ እውን ከይተገብረሎም ኢዮም ከአ እተሳናበቱና።

ንሳቶም ብምልአቶም <u>ነዞም ሎሚ ብሕይወት እንርከብ ወገኖም ረዚን ለበዋ ሐዲጎሙልና ስለ ዝሐለፉ</u>፤ ነቲ ረዚን ለበዋታቶምን ሕድሮምን ተግባራዊ ንኽንገብሮ ብዙሕ ከም እተላበዉና ብምዝኻር፤ ንሕና ብሕይወት ዘሎና ሓላፍነትና ፈሊጥና ህያብ ሰዉአትና ናጽነት ካብ ኾነ፤ ህያብ ናህና ህሉዋት ንሰዉአትናኸ? እንታይ ክኸውን አለዎን ይግብኦን? እንድሕሪ ኢልና መልሱ ፍሉጥን ብሩህን ዝኾነ ዘየማትእ ብዙሕ ሓተታ እውን ዘድልዮ አይኾነን። ስለዚ ከአ ንተግባሬኡ <u>ኹሉ እጃሙ ፈሊጡ ስምረታን ሓድነታን ዝተሓለወን ሀገረ ኤርትራ ንምውሓስ ዘየዋላውል ሕቶ ኯይኑ ንረኽቦ</u>። ኣብዛ ስምረትን ሓድነትን ዜጋታታ ኣብ ጊዜ ቃልሲ ዘመስከረትን ዝዓቖበትን ሀገር ግን ድሕሪ ነጻነት ዝተጠልመት ሀገር ደጊምና ሕድርና አሔድስና፤ ሰላምን ቅሳኔትን ራህዋን ፍትሕን ዝነግሰላ ምዕብልትን

ስልጥንትን ኤርትራ፤ ዜጋአ ብሓበን ዝነብረላን፤ከይተሸቈረረ ዝሓድረላን ሀገር ምህናጽ ኢዩ።

ነቶም በብዓመቱን በብሥድራቤቱን ብናይ ቃልሲ ብጾቶምን ዕለት መጸ እንዝኽሮም ጀጋኑ ሓርበኛታት ናጽነት ኣብ ክንዲ ብአታቶም ንይምሰል (ብምስሉይነት) እንምሕልን እንሸቅጥን፤ ነቲ ለበዋታቶም ተግባራዊ ንምግባሩ ብኩሉ ዓቕምና ብሥኒትን ብሓድነትን እንተድአ መኺትናን ኣብ ቅድሜናን ኣብ ቅድሚ ስሙር ኃይሊ ሕዝብናን ዝጸንሕ ኃይሊ ፍጹም የለን። ነቲ ጀጋኑና ብክቡር ሕይወቶም ተበጂዮም ዘረኸቡና ዓቢ ህያብ ናጽነት ብሓርነት እንተተኺእናዮ ንለበዋታቶምን ዕላማታቶምን ኣብ ናይ መወዳእታ ሽቶኡ ኝኽነብጽሖ፤ናህና ናይዞም ሎሚ ብሕይወት እንርከብ ዘሎና እጃም ኢዩ።ነዚ ለበዋ ጀጋኑ ተግባራዊ እንተ ገቢርናዮ ጥራሕ ኢዮም ስዉኣት ናጽነትና ዝቐስኑ፤ ንሕና ህሉዋት ድማ ለበዋ ጀጋኑና ተግባራዊ ስለ ዝገበርናዮ ብቅሱን ሕልና፤ ክሳድና ነፊሕናን ኰሪዕናን ኣብ ሕምብርቲ ሃገርና ሸነን እናበልና ክንነብር ኝኽእል።እዚ ኣብ ውሽጢ 16 ዓመት ኣብ ልዕሊ ሕዝብን ሀገርን ዝፍጸም ዝነበረን ዝፍጸም ዘሎን በደል ብሕመቕና ዝወርደና ዘሎ አደራዕ ምኽኑ ኽንዝንግዮን ክንስሕቶን አይግባእን። ምኽንያቱ ሪዒድና ናይ ውልቀሰብን ሰብ ጽሩራታትን ጉጅልኦምን ተዓዘብትን ተደናገጽትን ስለ ዝኼንና ጥራይ ኢዩ።

ክቡራት ዜጋታት ነዚ ኣብ ልዕሊ ብመጠኑ ተጠቂሱ ዘሎ አሰካፊ ህሉው ኵነታት ሕዝብን ሀገርን መሠረታዊ ፍታሕ ከይረኸብናሉን ብግቡእ ከይመለስናዮን ብስም ጀጋኑ ስዉአት ንናጽነት ክንምሕል አየጸብቐልናን አይግባእን እውን፤ እቶም ተብዓት ጀጋኑ ምእንቲ ሕዝቦምን ሀገሮምን ዝሓለፉ፤ ከማና ነብሲ ፍትወት እንተ ዘዘውትሩ ነይሮም ሀገርና ጌና ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ክሳብዛ ዕለተ ሎሚ ምሃለወት ነይራ። እዞም በብዓመቱ እንዝኽሮም ዘሎና ተብዓት ዜጋታት፤ግን ብዝፈትውዋ ዕሸል ንእስነቶም ተበጂዮም ካብ መሪር ሠንሰለታዊ መግዛእትታት ነጻ አውጺኦሙና። ነዛ ህያቦም ዝኾነት ሀገር ካብ ኵሉ ግዳማውን ውሽጣውን ጸላእቲ ኝክንከላኸለላ ሓንሳብ ንንሓዋሩን ተላቢዮሙና ዝሓለፉ።

ነቲ ድሒሩ ዝመጸን ዝሰዓበን ድማ ንሕና ብሕይወት ዘሎና ኝክንቕጽሎ ደጋጊሞም ዝተላበውዎ ኢዩ።ነዚ ዝጽበየና ዘሎ ዓቢ ዕማምን ኃላፍነትን ብግቡእ መሚና ኽነለልዮ ይግባእ። ብሓጺሩ እጃምና ነዛ ብመስዋእቲ አሽሃት ዝተረኸብናያ ሀገር፤ እሞ ብዘይተጸበናዮ መንገዲ ኣብ ሕቆ ሕዝቢ ሻሸ ዝብል ዘሎ ውልቖ መላኽን መጋበርያታቱን ካብ ስግር ባሕሪ ብመርከብ ሰፊፎም ወይ እውን ዶብ ሰንጢቆም ዝአተዉ ጸላእቲ ዘይኾኑስ ካብ ውሽጥናን ኽኑነታትናን መዝሚዞም ኣብ ሕቆ ሕዝቢ ተወጢሖም ዘሸካዕልሉ ንዘለዉ ጉጅለ፤ ሓድነትና አዋሃሂድና፤ ነቲ ብኃይሊ ተወጢሖሙዎ ዘለዉ ሥልጣን ሕዝቢ ብፍቕርን ብሥኒትን፤ነፍሲ ተአማንነትን ተአንጒትና ሥልጣን ናይ ሕዝቢ እምበር ናይ ሓደ ጉጅለ አይኾነን፤ ብምባል፤ ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ድማ ካብ ኢድ ዓመጸይናታት መንዚዕና ንዝምልኸቶ ሕዝቢ ሥልጣኑ ከነረክቦ ናህና ናይ ህሉዋት ኃላፍነትን ግድነትን ምኳኑ ነግ ፈረግ ዘየብል ሓቂ ኢዩ።

ነዚ ሓቂዚ ተግባራዊ ኣንተድአ ገቢርናዮ ለበዋን ሕድርን ስዉአትና ዝግብኦ ቦታን ክብርን ሒዙ ማለት ኢዩ።

ነዚ ከይመለሽካን ተግባራዊ ከይገበርካን ብጓል መንገዲ፤ ምህውታት ግን ረገጽቲ መብጽዓ ናይ ስዉአት ለበዋን ሕድርን ብምኳን፤ካልአይ ገጽ ናይ ጉጅለ ህግደፍ ምኳን ኢዩ ዘስምዕ ። እሞ እዚ 16 ዓመታት ብውድበይ ውድብኻ ብሰልፈይ ሰልፍካን ብአረአእያ ተፈላሊኻ ዝግበር ስሕግ ኣብ አፍ ደገ ዓጽሮሞት ክሳራ እምበር ዘምጽአልና ረብሓን ጥቕምን ወይ ዓወት ኮቶ የለን።ጠቕምን ረብሓን ስለ ዘየለ ድማ ኝኹሉ አረአእያን አተሓሳስባን ድሕሪ ሕዝብን ሀገር እምበር ቅድሚ ሕዝብን ሀገርን ዝስራዕ አይኾነን ወዘተ.ወዘተ። ንዕድሜናን ተሞክሮታትናን ንሥርሓሉ ድአ እምበር፤ ዕድሜናን ተሞክሮታትናን አይሥርሓልና ብማለት ሓሳባተይ ይድምድሞ። የቐንየለይ

ነባሪ ኽብርን ዝኽርን
ንስዉአት ነጻነትና።